# ካብ ምምሕዳር ከተማ ስያትል ዝተዋህበ ናይ እሳተጎመራ ሓበሬታ

**ትሕዝቶ ሓበሬታ:** ኣብ ዋሺንግተን ስተይት ናይ እሳተጎመራ ምፍንጃር ኣጋጢሙ ኣሎ።እሳተጎመራ ክፍንጀር ከሎ ከም ዉዑይ ሓሙኹሽቲ፣ ናብ ጓህሪ ዝተቐየረ እምኒ፣ዉዑይ ፈሳስን ጭቃን ናይ መሬት ምፍራስን እዩ ዘከትል። በዚ ምኽንያት'ዚ ናይ መንገድታት ምዕጻውን ምፍራስን፣ ኤለክትሪክ፣ማይ ቴሌፎንን ናይ ምቁራጽ ከምኡ'ውን ናይ ጥዕና ጸገም ከምጽእ ዝኽእል ሓመድን ሓሙኹሽትን ዝሓዘለ ኣየር ስጋብ ርሑቕ ቦታ ክነፍስ ይኽእል።

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- ኣብ ዘለኹምዎ ተዓቘቡኩም ክትጸንሑ ወይ ካብ ዘለኹምዎ ከባቢ ክትወጹ ክትሕተቱ ስለዝኽኣል ንዝኾነ ድሉዋት ክትኮኑ።
- ኣብ ዘለኹምዎ ክትጸንሑ እንተድኣ ተባሂሉ ኣብ ውሽጢ ገዛ ክትኮኑ ኣለኩም።ቤተሰብኩምን ዘለዉኹም እንስሳታትን ንገዛ ከም ዝኣትዉ ምግባር።ማዓጹን፣መሳኹትን ኣፍ ደገ ፋየር ፕለይስን ምዕጻው። ኣብ ማዕጾን መሳኹትን ዝርከብ ንፋስ መእተዊ ቀዳዳት ጥሉል ሽጎማኖታት ምስጣሕ።
- ካብ ደገ ኣየር ክስሕብ ዝኽእል ከም ቨንቲላቶርን ኣየር ኮንዲሽንን ዝኣመሰሉ ከም ዝጠፍኡ ምርግጋጽ።
- ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ከለኹም ኣየር ክኣቱ ዝኽእል ቀዳዳት ምዕጻዉን ኣብ መንነኹምን ኣብ መንነ እቲ ኣየር ዝኣቱ ቀዳድ ርሕቀት ከም ዝህልወኩም ምግባርን።
- ናይ ኣየር መካላከሊ ማስክ ኣብ ገጽኩም ብምግባር ንሳንቡእኩም ምክልኻል። ናይ ምትንፋስ ጸገም እንተድኣ ኔሩኩም ንዝተዋህበኩም ናይ ኣዝማ መምርሒ ተኸተሉ።
- ንዓይንኹም ምክልኻል – ከም ኮንታክት-ለንስ ናይ ዓይኒ መነጸርን ከምኡ'ውን ካልእ መከላኸሊ ዓይኒን ኣውጽኢእኩም ኣቐምጡዎ።
- ንክትወጹ ምስተኣዘዝኩም ብቕልጡፍ ከም ትወጹ። ካብ ገዛኹም ወጺኣኩም ኣየናይ መንገዲ ክትክተሉ ከም ዘለኩም ዝሕብር ምልክታት ክህሉ ስለ ዝኽእል ነቲ ምልክት ተኸቲልኩም ተጓዓዙ።
- ብሬድዮ ዝወሃብ ህጹጽ ሓበሬታ ምክትታል።
- ***ብዛዕባ'ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ክርኢ/ከንብብ ወይ  ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጡዎ ሰብ እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ  ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

***ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ:***

http://www.seattle.gov/emergency-management/what-if/hazards/volcano-hazards-including-lahars

http://mil.wa.gov/emergency-management-division/hazards/volcano

http://www.ready.gov/volcanoes